1. **<u>ቤትና ፈራሲ ድንኳንዩ</u>**

ቤትና ፈራሲ ድንኳንዩ፣ ክንፋኖ ኢና ካብዛ ዓለም
ኢየሱስ ክመጽእ'ዩ ካብ ሰማይ፣ ክወስደና የሩሳሌም

2. **<u>ፍቕርኻ</u>**

ፍቕርኻ /2/ አምላኸይ ፍቕርኻ
ከምዚ ናትካ ጌሩ፣ ኣብ ብዘላ ምድሪ፣ ንልበይ ዘዕርፍ
የለን /3/ የለን ዘፍቀረኒ /2/

3. **<u>ዘይውዳእ ምሕረት</u>**

ዘይውዳእ ምሕረት አምላኸይ
ንሱ'ዩ ሓይሊ ህይወተይ
ንሱ'ዩ ኣብ ቤቱ ዝተኸላ
ንህይወተይ፣ <u>ደው ዘበላ</u> /3/

4. **<u>ሓደ ክልተ'ይለ</u>**

ሓደ ክልተ'ይለ ስራሕ አምላኸይ (የሱሰይ)
ክጽብጽቦ ጀመርኩ /2/
ገና'ይወዳእክዎን፣ ብምስጋና ልበይ ተመላእኩ ኣሜን /2/

5. **<u>ድርሳናተይ</u>**

ድርሳናተይ ንየሱስ ንንጉስ
እልል ይብል ኣሎ /2/ እልል /3/
እልል ይብል ኣሎ /2/ ባህ ኢልዎ

6. **<u>ብቓልካ ትዛረበኒ</u>**

ብጸሎት ትዛረበኒ፣ ብቓልካ ትዛረበኒ
ኣታ ኸንደይ ተፍቕረኒ /2/
ሕጂዉን ተዛረበኒ

7. **<u>ቃልካ</u>**

ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ ንመንገደይ ብርሃንዩ
ንኣፈይ ካብ መዓር ዘበለጸ ይምቅራ'ዩ
ቃላትካ ንትንሓገይ፣ እምብዛ ጥዑም'ዩ

8. **<u>እግዚኣብሄር ሓይለይ</u>**

ዎ እግዚኣብሄር ሓይለይ፣ የፍቅረካ እየ
እግዚኣብሄር'ሲ ከውሓይ፣ ዕርደይ፣ መናገፍየይ
አምላኸይ ዝሃድመሉ ጸግዐይ
ዋልታይ፣ ቀርኒ ምድሓነይ

9. **<u>ብጸበባይ</u>**

ብጸበባይ ንእግዚኣብሄር ጸዋዕኩ
ናብ ኣምላኸይ ከአ ተማህለልኩ
ድምጻይ ድማ ካብ መቕደሱ ሰምዐ
ገዓረይ'ውን ኣብ እእዛኑ በጽሐ

10. **<u>ኣምላኽ ምሳና ተ'ዘይነብር</u>**

ኣምላኽ ምሳና ተ'ዘይነብር፣ ተ'ዘይዋግኣልና
ሓይሊ ጸላኢና በርቲዑ፣ ካብ ምድሪ መጥፍኣና
ስለዚ /4/ እግዚኣብሄር ይመስገን፣ ስለ ኹሉ ነገር

- ይርአ ጸላኢ፣ ከቢቡ ኣብ ዙርያና
ካብ ኩሉ ይብርትዕ፣ ሓይሊ ናይ አምላኽና
መለኸት ንፍሕዎ፣ ጸላኢ ከዓውን
ብእምነት ደው ንበል የሱስ'ዩ ዝስዕር!

11. **<u>ምሕረቱ አይውዳእን'ዩ</u>**

ምሕረቱ አይውዳእን'ዩ፣ ንዘለኣለም ዝነብር'ዩ
ናይ ምድሓን ሓይሉ ዘርኣየና፣ ብፍቕሩ ዝጓስየና
እቲ ጥዑም መኣዛ ብምስጋና
ነቕርበሉ፣ ብእልልታ ንስገደሉ

12. **<u>ንዘልአለም'ዩ ምሕረትካ</u>**

ንዘልአለም'ዩ ምሕረትካ
አንጊሁ ይጅምር ሳህልኻ
ኣብ ዘይቅረብ ብርሃን ትነብር
ለውሃትካ ዘኪረ'ስ እዝምር

13. **<u>ህያው</u>**

ህያው /3/ ንዘልኣለም
የሱስና ህያው'ዩ፣ ህያው ንዘልኣለም
ህያው /3/ ንዘልኣለም
የሱስና ህያው'ዩ
ሃሌሉያ ንበል /2/ የሱስና ህያው'ዩ ንዘልኣለም
ሃሌሉያ ንበል /2/ የሱስና ህያው'ዩ

14. **<u>ንዑናይ ንኺድ</u>**

ንዑናይ ንኺድ፣ <u>ናብ ቤት ኣቦና /3/</u>
ንዑናይ ንኺድ፣ ናብ ቤት ኣቦና፣ ናብቲ ሓጎስ ዘለዎ

15. **<u>አማኑኤል አምላኽና</u>**

አማኑኤል አምላኽና፣ እግዚኣብሄር፣ ምሳና ኢኻ
ሓላው ነፍሳትና፣ ምድሓንና፣ ፍጡን ረዳኢና /2/

ሒደት አይውሕደካን፣ ጸቢብ አይጸበካን
አሜንን እሙንን የሱስ፣ ስምካ ይመስገን /2/

- ራሕቢ ሃገር ዝመልእ ምዝርጋሕ አኽናፍካ
አእጋርና ከየንደልጸ፣ ትሕሉ ምእታውና ምውጻእና
ትከናኽነና ከም ንመርዓት ዓይንኻ
ዘይምልዋጥካ'ዩ፣ ምኽንያት ንዘይምጥፋእና

16. <u>ዘገርም ፍቕሪ</u>

ናይ አምላኽ ፍቕሪ ዘገርም'ዩ፣ ናይ የሱስ ፍቕሪ ዘገርም'ዩ
ናይ አምላኽ ፍቕሪ ዘገርም'ዩ፣ ዘገርም ፍቕሪ
ላዕሊ አይንበጽሖን ኢና፣ ታሕቲ አይንወርዶን ኢና
ሰፊሕ አይንሰፍሖን ኢና፣ ዘገርም ፍቕሪ

17. <u>ብግዜ ንእስነትካ</u>

ብግዜ ንእስነትካ ንፈጣሪኻ ዘክር
መንእሰይ ካብ ትኸውን ሓይልኻ ንዕኡ ሃቦ
ብደሙ ከጽርየካ ቀልጢፍካ ናብኡ ምጻእ
ብቕዱስ ምስጢሩ ምስኡ ተራኸብ

ዎ አምላኽና ነመስግነካ
አብ እምነትና ስለ ዘጽናዕካና
ከምኡ ጌርና እምነትና ክንቅጽል
ዎ አምላኽና ባዕልኻ ሓግዘና

18. <u>ረዲኤት</u>

አዒንትና ናባኻ ነልዕል አሎና /2/
ዎ ጎይታ ረዲኤት ካባኻ ንጽበ'ሎና /2/

19. <u>ዓቕምና ሒደትኳ እንተኾነ</u>

ዓቕምና ሒደትኳ እንተኾነ /2/
ንቓልካ ግን ሓሊናዮ
ንስኻ ድማ፣ ማንም ዘይዓጽዎ ክፉት ደገ ሂብካና/2/

20. <u>አብ እግዚአብሄር ተስፋ ምግባር</u>

አብ እግዚአብሄር ተስፋ ምግባር ሰናይ'ዩ
ኩሉ ነገር ናይ ከንቱነት ከንቱ'ዩ
እግዚአብሄር ግና ፍቕሪ'ዩ
እግዚአብሄር ግና መጸናንዒ'ዩ

21. <u>ምሕረትካ በዚሑለይ</u>

ጸጋኻ`ዩ በዚሑለይ፣ ጸጋኻ
ምሕረትካ`ዩ በዚሑለይ፣ ምሕረትካ
ደዊለ ክመላለስ፣ ክሳዕዛ ጊዜ `ዚኣ
ብህይወት ዘመላልሰኒ፣ (ንዓይ) ደገፍካ

22. <u>ብዘይ እግዚአብሄር</u>

ብዘይ እግዚአብሄር መን'ዩ አምላኽ
ብዘይ አምላኽና'ኸ መን'ዩ ከውሒ
ኩሉ ዝኽእል አብ ኩሉ ዝነብር
ንኹሉ ፍጥረት ጽቡቕ ዝገብር

23. <u>ስደት ዋላ ሞት</u>

ስደት ዋላ ሞት፣ ጭንቂ መከራ
እንተመጸ'ኳ ኩቶ አይፈርህን
ካብ ኢየሱሰይ መን'ዩ ዝፈልየኒ
አብ መስቀል ኮይኑ ፍቕሩ ዘርአየኒ

24. <u>አፍቂሩናዩ</u>

አፍቂሩና'ዩ ፈትዩና'ዩ
ካባና አይኮነን ካብኡ'ዩ
ይኽበር ይመስገን ስሙ አሜን /2/

ገና ሓጥአን ከሎና፣ ክርስቶስ ሞይቱ አብ ክንዳና
ፍቕሩ ገለጸ፣ ዘለዎ አባና
ብሉጽ ፍቕሪ ከም ዘፍቅረና /2/

25. <u>ንየሱስ ክስዕብ መዲበ</u>

ንየሱስ ክስዕብ መዲበ እየ /3/
'ድሕሪት አይምለስ /2/

መስቀል ብቕድመይ ዓለም ብድሕረይ /3/
'ድሕሪት አይምለስ /2/

I have decided to follow Jesus /3/
No turning back /2/

The cross before me, the world behind me /3/
No turning back /2/

26. <u>ነቶም ንአምላኽ ዘፍቅርዎ</u>

ነቶም ንአምላኽ ዘፍቅርዎ
ከም ምኽሩ'ውን ዝተጸውዑ
ኩሉ ንሰናይ ከም ዝድግፎም ንፈልጥ ኢና!

ምሳይ አሎኻ /8/
ንልቢ ባርያኻ ተዛሪብካ
አጸናኒዕካኒ'ኻ'ሞ እባርኽካ
የሱስ ክብሪ ንስምካ

27. **<u>ግሩም ምስጢር</u>**

ግሩም ምስጢር/2/
ኣብ ይሁዳ፣ ኣብ ቤትልሄም
ህጻን ተወሊዱ ንበስራት ዓለም
ተሓጎሲ ነፍሰይ ደስ ይበልኪ
ሎሚ ተፈቲሕኪ ካብ ማእሰርቲ
ህጻን (የሱስ) ተወሊዱ ኣብ በዓቲ

28. **<u>ጥዑም ቃል ብስራት</u>**

ጥዑም ቃል ብስራት ኣብ ምድሪ ተሰምዐ
ኣብ ቤትልሄም ይሁዳ፣ ኣብ መብልዕ ማል ተወልደ
ጌና 'መስል ኔሩ ግዚኡ ዘይበጽሐ
ብምዱብ ግዜ ግን መድሕንና ትወልደ

29. **<u>ካብ ግዜ ናብ ግዜ</u>**

ካብ ግዜ ናብ <u>ግዜ</u>/2/ ናብቲ ብሩኽ <u>ኣቦይ</u>/2/
እናቐረብኩ ክኸይድ ክበጽሕ ናብ <u>ቤተይ</u>/2/
ክብሪ ሃሌሉያ፣ ሰይጣን ተሳዒሩ እዩ፣ ኣሜን
ሃሌሉያ/2/ ተሓጒሰ እየ

30. **<u>ሓደ ክልተ'ይለ</u>**

ሓደ ክልተ'ይለ ስራሕ ኣምላኸይ (የሱሰይ)
ክጽብጽቦ ጀመርኩ /2/
ገና'ይወዳእክዎን፣ ብምስጋና ልበይ ተመላእኩ ኣሜን /2/

31. **<u>ንሰማይን ምድርን መን ፈጢርዎ</u>**

ንሰማይን ምድርን መን ፈጢርዎ?
እግዚኣብሄር 'ቲ ኹሉ ዝኽእል
እሞ ከመይ ጌሩ ፈጢርዎ?
ብቓሉ ይኹን ኢሉ
እሞዚ ኣምላኽናስ ሓያል ኣምላኽ'ዩ
ስርሑ ድንቅን መስተክርን'ዩ
ብኣሰር ኣሰር ኣይብጻሕን'ዩ
ዕቤቱ ዘይተመርማሪ'ዩ
ሃሌሉያ ይባረኽ ስሙ

32. **<u>ከመይ ዝበለ ኣምላኽ</u>**

ከመይ ዝበለ ኣምላኽ ኢና ነምልኽ?
ከምዚ ዝበለ /2/ ሰማይን ምድርን ዝግዝእዎ
ባሕርን ንፋስን ዝእዘዝዎ
ተግባር ኢእዳዉ መስተንክር'ዩ
'ዚ ናትና ኣምላኽ ኤልሻዳይ'ዩ

33. **<u>ተሓጒስና</u>**

ተሓጒስና ነመስግኖ ነቲ ተስፋ ዝሃበና
ክመጽእ'ዩ ክወስደና ናብታ ሰማያዊት ቤትና

ክርስትያን ኣይትሕዘን በዛ ናይዛ ዓለም ናብራ
ኩሉ ግዜ ኣሎ ሕማም ሽግር'ውን መከራ
ስለዚ ንቕድሚት ኣቕንዓዮ መገድኻ
ናይ ዘልኣለም ጎይታ ኣይተሕዝኖ ሓደራኻ!